ቤት ፅሕፈት ልምዓት እቶትን ም/ር ፋይናንስንወረዳሓዉዜን ንቤት ፅሕፈታት ግልጋሎት ዝዉዕል ናይ ፅሕፈት መሳርሒ ሞተር አቁሑን ፣ዕሬት ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ረቡዕ ጥቅምቲ 14, 2016 (ልዕሊ 3 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጥቅምቲ 29, 2016 8:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:6000
- ቦታ:ሓዉዜን
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:50
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጥቅምቲ 29, 2016 8:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ናይ ንፅህናን ዕሬት ኣቁሑት/ መለዋወጢ ኣቁሑት ሞተርሳይክል/ ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/

ስለዚ ክትጫረቱ እትደልዩ ተጫረትቲ ንክትወዳደሩ ንዕድም።

በዚ መሰረት ነቲ ዝድለ ረቐሓታት ተጫረቲ

በቲ ዝተጠቐሰ ዘርፊ ናይ 2016ዓ/ም ንግዲ ፍቓድ ዝተሓደሰ ዘለኩም፤ቲን ናምበር መቅራባይነት ዝተሓደሰ ዘለኩም።

ናይ 2015ዓ/ም ግብሪ ዝኸፈልኩም።

ቫት ተመዝገብቲ ዝኾንኩም ከምኡ ድማ ናይ ወርሒ ሓምለ ዲክለር ዝገበርኩም ።

ቅድሚ ጨረታ ነቲ ጨረታ መኽበሪ 6000(ሽድሽተ ሽሕ) ብር ብጥረ ገንዘብ ወይ ድማ ባንኪ ዝተረጋገፀ መአዘዚክፍሊት ቼክ/ CPO/ ወይ ብባንኪ ዝተረጋገፀ ሌተር ኦፍ ክሬዲትን።

እቲ ዘይሰዓረ ተጫራታይ ናይ መኽበሪ ጨረታ ቢድባንድ ሰዓራይ ምስተገለፀ ብመምርሒ ዕደጋ መሰረት ይምለሰሉ።

ናይ ፅሕፈት መሳርሕን ሞተር ኣቁሑን ፣ዕሬትንካብ14/02/2016ዓ/ም ጀሚሩ ዝርዝር ናይ ጨረታ ዶክሜንት ብምዕዳግ ኣብ ናይ ባዕልና ዝተዳለወ ዶክሜንት ብምምላእ ኦርጅናልን ኮፒን ነንበይኑ ኣብ ዝተፈላለየ ፖስታ ዓሺግኩም ፊርማን ማህተምን ተገይሩሉ ኣብ ቤት ፅ/ት ፋይናንስ ወረዳሓዉዜን ቁፅሪ 01 ዝተዳለወ ናይ ጨረታ ሳንዱቕ ይኣቱ። ልምዓት እቶትን ም/ር

ናይ ፅሕፈት መሳርሒ እቲ ጨረታ ዝዕፀወሉ ዕለት 29/02/2016ዓ/ም ድሕሪ ቀትሪ ሰዓት 8:00 ተዓፅዩ ሸዑ ንሸዑ ስዓት 8፣30 ኣብ ቤት ፅሕፈት ልምዓት እቶትን ም/ር ፋይናንስን ወረዳ ሓዉዜን ቢሮ ቁፅሪ 01 ይክፈት።

ናይ ሞተር አቁሑን ፣ ዕሬትንእቲ ጨረታ ዝዕፀወሉ ዕለት 30/02/2016ዓ/ም ድሕሪ ቀትሪ ሰዓት 8:00 ተዓፅዩ ሸዑ ንሸዑ ስዓት 8፡30 ኣብ ቤት ፅሕፈት ልምዓት እቶትን ም/ር ፋይናንስንወረዳ ሓዉዜን ቢሮ ቁፅሪ 01 ይክፈት።

ተጫራታይ ባዕሉ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም ተዝህልዉ ይምረፅ/እንተዘይሃልዮም ግና ዘይተከፈተ ዝምለስ ፖስታ/ጨረታ ደክሞት አይህልን።

ሰዓራይ ካብ ዝተገለፀሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 5 መዓልቲ ኣብ ቤት ፅሕፈትና ብኣካል መፅዩ ውዕለ ይኣስር ።
ናይቲ ሽያጥ ዝርዝር ዶኩሜንት ዘይምለስ 50ብር(ሓምሳ ብር) ብምክፋል ካብ ቤት ፅሕፈት ልምዓት እቶትን ም/ር ፋይናንስ ወረዳ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ሓዉዜን ከ/ስ/ዕ/ንብ/ምም/ርን ቁፅሪ 01 ምዉሳድ ይከኣል ። ጨረታ ዝሰዓረ ውዕሊ እንትኣስር ካብ ዝሰዓሮ ጠቅላላ ዋጋ 10% መኽበሪ ውዕሊ ከትሕዝ ዝኽእል ሰዓራይ ዉዕሊ ኣሲሩ ንብረት ኣታዊ ዘይገበረ እቲ ኣታዊ ዘይተገበረ ንብረት ብሕድሕድ መዓልቲ 1/1000 ተቀፂዑ እቲ ዝሰዓሮ ንብረት ኣታዊ ይገብር።

ተጫረቲ ካብ ዝተመልአ ዝርዝር ዋጋ ዝተሓተ ብምውሳድ ሰዓራይ ዝኸውን ምኂኑ ኣሚኖም ክዋዳደሩ ይግባእ ። እቲ ጨረታ ብዝተፈላለየ መለክዑ ከዛብዑ ዝፈተኑ ተጫረቲ እቲ ቤት ፅሕፈት ካብ ጨረታ ወፃኢ ጌሩ ንቀፃሊ ከይሳተፍ ይገብር ።

ተጫረቲ ድሕሪ ጨረታ ምክፋቱ ጨረታ ኣይሳተፍን ምባል ኣይፍቀድን ። ማለት ዘትሓዝዎ ናይ ጨረታ መኽበሪ ናብ መንግስቲ ካዝና ኣታዊ ይኸውን ።

ሰዓራይ ንዝሰዓሮንብረት ብናይ ባዕሉ መጋዓዓዝያ ብምሸፋን ኣብ ቤት ፅሕፈት ልምዓት እቶትን ም/ር ፋይናንስን ወረዳ ሓዉዜን ቢሮ ቁፅሪ 01 ኣጓዓዒዙ ዘቅርብ።

ሰነድ ጨረታ ካብ ናይ ባዕልና ቅጥዒ ወፃኢ ምጥቃም ኣይፍቀድን ።

ብመምርሒ መሰረት ኣብ እንዕድጎ ንብረት መጠን ኣይተም ብኣይተም 20% ክዉስክ ወይ ክቅንስ ንክእል ኢና።

ቤት ፅሕፈት ዝሓሸ መማረፂ እንተረኪቡ ብሙሉእ ወይ ብክፋል ነቲ ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ

ፅሕፈት መሳርሒ፣ ፅሬትን ንብረት ዝሰዓረ ነጋዳይ ኣጋዓዕዙ ናብ ቤት ፅሕፈት ልምዓት እቶትን ም/ር ፋይናንስን ወረዳ ሓዉዜን ቢሮ ቁፅሪ 01 ኣጋዕዙ ምስ ኣምፀአ እቲ ንብረት ፅሕፈት መሳርሒ ብሴክተራት/ብተጠቀምቲ ቤት ፅሕፈታት ምስ ኣረጋገፅዎ ኣታዊ ይኩን ኢሉ ምስ ፀሓፈልናን ክፍሊት ንከፍል ምካና ነፍልጥ።

ናይ ሞተር አቁሑን ብበዓል ሞያ ምስ ተረጋገፀ ኣታዊ ይኩን ኢሉ ምስ ፀሓፈልናን ክፍሊት ንከፍል ምካና ነፍልጥ።

ምስ ሰላምታ

ወረዳ ሓዉዜን ልምዓት እቶትን ምም/ር ፋይናንስን ንዝበለፀ ሓበሬታ 0914101196/0914138946

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle